# ናይ ወለንተኛነት መምርሒ ን ደለይቲ ዑቕባን ስደተኛታትን

(እዚ ዝርዝራዊ መምርሒ እዚ ምስ "Use Your Skills" ("ክእለትካ ተጠቀመሉ") ዝብል ሓፈሻዊ በራሪ ጽሑፍ ብሓባር ክንበብ ይግባእ)

**አብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ወለንተኛነት ብድሌትካ ስለዝኾነ ኻኽትሰርሕ ዘገድደካ የለን፣ ብፍቃድካ ጥራይ ኢዩ፣ ዘገድደካ የለን**

## <u>ምምራጽ ናይ ወለንተኛነት ንጥፈታት (Choosing the volunteering activity)</u>

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተፈላለዩ ናይ ወለንተኛነት ንጥፈታት ይርከቡ። ንዓኻ ዝበለጸ ኣየነይ ኢዩ ግን ብምንታይ ትመርጽ? ስለዚ ዝተፈላለዩ ረቋሒታት አብ ግምት ከተእቱ ይግባእ።

- ሓበሬታ ናይ ወለንተኛነት ኣበይ ክትረክብ ትኽእል? ንመሓዙትካ ወይ ብቀጥታ ናብ ማሕበር ብምኻድ ክትሓትት ትኽእል። ምንም ሓበሬታ እንተዘይብልካ ወይ እንተደሊኻ፣ ዝበለጸ ኣማራጺ ናብ Volunteer Centre (ማእከል ወለንተኛታት) ምኻድ እዩ። አብዚ ኸኣ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ናይ ወለንተኛነት ንጥፈታትን ምስ ድሌትካ ዝኸይይድ ንጥፈታት ክትረክብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ ኢዮም።.

- ክንደይ ዝኣክል ናጻ ግዜ አሎካ? አብ ሰሙን ከ አየናይ መዓልቲ ናጻ ትኸውን? መብዛሕቲኡ ናይ ወለንተኛ ንጥፈታት ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሓደ ሰዓት ኻኽትሰርሕ ዘኽእሉ አዮም። ካልኦት ናይ ወለንተኛ ንጥፈታት ግን ስልጠና ወሲካ (ንኣብነት ናይ ምኽሪ ማእከል ወለንተኛነት) አብ ሰሙን ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ ኻኽትሰርሕ ይሕእቱ። ዝኽፈሎ ሰራሕተኛ ኻኽትከውን እንተወሓደ ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክትሰርሕ ይግባእ።

- ዘለካ ግዜ ማዕረ ክንደይ ተዓጻጻፊ ኢዩ? ሓደሓደ ናይ ወለንተኛነት ንጥፈታት ናጻ ኣብ ትኾነሉ ወይ ክትሰርሕ አብ ትደልየሉ መጺእካ ክትሰርሕ ዘፍቅዱ ኢዮም። ካልኦት ናይ ወለንተዉእ ንጥፈታት ግን አገልግሎታቶም ብወለንተኛታት ስለዘስርሕዎ፣ አቀዲሙ ብዝተወጠነ ወይ ብፍሉጥ ሰዓታት ምስ ወለንተኛታት ቆጸራ ብምግባር ስርሖም የሰላስሉ። ንኣብነት ናይ ምኽሪ አገልግሎት፣ ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ኩልግዜ ሶኑ ካብ 10am ክሳብ 4pm ክትሰርሕን ከምእውን ንስልጠና ኩልግዜ ሓሙስ ካብ 9.30am ክሳብ 3pm ክትርከብ ከምዘለካ ይሓቱ።

- አብ ከመይ ዓይነት ናይ ወለንተኛነት ንጥፈታት ክትሳተፍ ትደሊ? ኣብ ምኽሪ? አትክልተኛነት? አረገውቲ ምእላይ? ምስ ህጻናት? ተቀባል አጋይሽ? ቡንን ሻሂን ምቅራብ? አብ ምትርጓም? ናይ ኮምፕዩተር ስራሕ? ብዙሕ ኣማራጺ ስለዘሎ ምሕታት የድልየካ

- እንታይ ክእለት አሎካ? ካልእ ቋንቋ ትዛረብ ዲኻ? ጽቡቕ ምስ ሰባት ናይ ምርድዳእ ክእለት አሎካ ዶ? ካልእ ናይ ተፈጥሮ ክእለት ኣሎካ ዶ? ናይ ምምሃር ተመኩሮ ኣሎካ ዶ? ናይ ስነ ሕሳብ ክእልለት አሎካ ዶ? ተመክሮ ኣሎካ ዶ? ምኽንያቱ እዞም ክእለታት ከተበርኽተሎም ትኽእል ናይ ወለንተዉእ ንጥፈታት ክትረክብ ስለትኽእል።

- ደራጃ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛኻ ከመይ ኢዩ? ሓደሓደ ናይ ወለንተኛ ንጥፈታት ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ ዘድልዮም ኣይኮኑን፣ ንኣብነት፣ አትክልተኛ፣ ናይ ሙያ ስራሕ ወይ ቡን ምእንጋድ። ካልኦት ከም ናይ ምኽሪ አገልግሎት ወይ ተቐባል ጋሻ ግን ጽቡቅ ዝኾነ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ የደልዮም ኢዩ። እንተኾነ ግን ዝግበር ነገር ስለዘይሰኣን ክትሓትት ኣለካ።

- ምጽራይ ናይ ቤት ጽሕፈት መዝገብ ወንጀለኛታት (Criminal Record Bureau (CRB) Disclosure). ሓደሓደ ናይ ወልንተኛታት ማሕበራት ኩሎም ወለንተኛታት ናይ CRB ወይ Police "Disclosure/Check" (ናይ ፖሊስ ምጽራይ/መረጋገጺ) ማመልከቻ ቅጺ ከምልኡ ይሓታ። እዚ ኸኣ ዝኾነ ወለንተኛ ቅድሚ ሕጂ ዝገበሮ ወንጀል እንተሎ ንምጽራይ ኢዩ። እዚ መስርሕ ዘጨንቅ አይኮነን። ምስ ህጻናት ወይ ብቀሊሉ ክጥቅዑ ዝኽእሉ ሰባት ዝሰርሑ ወለንተኛታት ናይዚ መረጋገጺ አድላይ ኢዩ። እዚ ምጽራይ ንወለንተኛታት፣ ደለይቲ ዑቕባን ስደተኛታት ብናጻ ይወሃብ። እቲ ማሕበር ከኣ ነዚ ቅጺ ክትርድእዎን ክትመልእዎን ክሕግዘኩም ኢዩ።

## ምስራዕ ቆጸራታት፣ ኣኼባታትን ናይ ወለንተኛነት እዋናት
## (Arranging appointments, meetings and volunteering times).

- **ምስራዕ ግዜያት፣** ዝኾነ ሰብ መጺኡ ክዘራረብ ወይ ናይ ወለንተኛነት ስራሕ ክሰርሕ ምስ ዝደሊ፣ ብኽብረትኩም ዘይጥዕም እንተኾኑ ሽዑሽዑ ክትነግርዎ ይግባእ። ንዝመጽእ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር፣ ክትዝክሮ ዝግባእ ነገር፣ "ኣይፋል" ክትብክል ትኽእል ኢኻ። ምስ ቤተሰብካ፣ ናይ ኮሌጅ፣ ወይ ካልእ ቆጸራ እንተሃሊዩካ፣ ካልእ ግዜ ንኽመጹ ተወከሶም።

- **ሰዓታት ምኽባር፣** ከም ወለንተኛ መጠን ዝጥዕመካ ግዜ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ነገር ግን ንቆጸሮታትካ ከተኽብሮም ይግባእ ወይ ነዚ ቆጸራ ወይ ስልጠና ክትመጽእ ዘይሻዕመካ እንተደኮይኑ፣ ካልእ ኣማራጺ ንመታን ከናድዩ ብዝተኽኣለ መጠን አቀዲምካ ንማሕበር ክትሕብር ይግባእ።

- **ናይ ምዕስካርን ኣመራርጻ ኣገባብ ናይ ማሕበራት ክፈላለ ይኽእል ኢዩ።** እዚ ኸኣ፣ ናይ ማመልከቻ ፎርም፣ ዘይወግዓዊ ቃለ መጠይቅ፣ ሪፈረንስ፣ መረጋገጺ ካብ CRB ን ናይ መፈተንታ እዋን። ናይ ማመልከቻ ሓገዝ እንተደሊኻ፣ Volunteer Centre ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ። ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛካ ትሑት እንተኾይኑ እዚ ማሕበር ማመልከቻ ንኽትመልእ ክጥግዘካ ኢዩ። ንሓደሓደ ናይ ወለንታዊ ስራሕ ንኽትሳተፍ፣ ቅድሚ ስራሕ ምጅማርካ ወይ ድሕሪኡ ስልጠና ይወሃበካ ኢዩ።

- **ወጻኢታት፣** ሓደሓደ ማሕበራት ኣቀዲሙ ዝተሰርዐ ንናይ ወለንተኛነት ኣኼባ ንኽትመጽእ ተጥፍኦ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢ ይኸፍላ እየን እዚ ግን ቅድሚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ምጅማርካ ዘሎ ግዜ ኢዩ።

## ናይ ወለንተኛ ስራሕ ስም ጀመርካ (Once you have started volunteering)

- **ተወፋይነትን ተኣማማንነተን፣** ጽቡቕ ዝኾነ ተወፋይነትን ተኣማማንነት ብምትግባር፣ ጽቡቕ ዝኾነ ወረቀት ክህልወካ ይኽእል። ዝኾነ አስራሒ ድማ ቅድሚ ስራሕ ምሃቡ፣ ምስክር ናይ ተወፋይነትካን ተኣማማንነትካ ክርኢ ይደሊ።

- **ፍሉጥ ተቆጻጻሪ፣** ተቆጻጻሪ ትብሎ ሰብ አቀዲሙ ክፍለጥ ይግባእ። እዚ ተቆጻጻሪ እዚ ኸኣ ናብ ማሕበር ክትወሃሃድ፣ ሕቶ ወይ ሽግር ክህሉ ከሎ ምሕጋዝ፣ ናብ ስልጠና ከመዝግበካን ቀጻሊ ዘድልየካ ሓገዝ ክህበካ ኢዩ። ንመጻኢ ዝኾነካ ሪፈረንስ ክጽሕፈልካ ስለዝኽእል፣ ምስ ተቆጻጻሪኻ ስሩዕ ዝኾነ ርክብ ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ።

- **ቆጸራ ምኽባር፣** ንአቀዲሙ ዝተታሕዘ ቆጸራ፣ ኣብ ግዜኻ ክትርከብ ይግባእ። ክትመጽእ ዘይትኽእል እንተኾንካ ንኣብነት እንተሓሚምካ ደዊልካ ክትነግር ይግባእ።

- **ወጻኢታት፣** ንተውጽኦ ወጻኢታት ክትክፈል መሰል ኣሎካ። ንኣብነት ናይ መጎዓዝያ፣ ምሳሕ መእለይ ቀልዓ ዝኣመሰሉ ወጻኢታት። ናይ ወጻኢታት መሕተቲ ፎርም ኣበይ ክትረክብ ትኽእልን ከመይ ጌርካ ከምትመልኦ ንተቆጻጻሪኻ ሕተቶ። መብዛሕቲኡ ግዜ ናይ ዘውጻእካዮ ቅብሊት ወይ ቅዳሕ ንማሕበር ተረክብ። ነዚ ክትሓትት ኣይትሰከፍ። ናይ ወለንተኛ እንዳሰራሕካ ገንዘብ ከተጥፍእ ኣይግባእን ኢዩ!

- **ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ደው ከተብል ትኽእል ኢኻ፣** ንኣብነት ስራሕ እንተጀሚርካ ወይ ካልእ ስራሕ ክትቅይር እንተደሊኽእ።

- **ብትሰርሖ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ሕጉስ እንተደኣኮንካ ንብጾትካ ንገሮም!**

**Volunteer Centre Sheffield, 33 Rockingham Lane, Sheffield, S1 4FW. Tel: 0114 253 6655**

This leaflet was written in conjunction with the Northern Refugee Centre, and funded by the Opportunities for Volunteering Scheme in Partnership with the Department of Health and Volunteering England

Quality accredited by Volunteering England
Service of VOLUNTARY ACTION SHEFFIELD www.vas.org.uk
Member of National Association for Council for Voluntary Service



Volunteer Centre Sheffield is a service of Voluntary Action Sheffield.
Registered Charity No. 223007 A company limited by guarantee Registered in England & Wales No. 215695.